ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ንቲ ሆስፒታል ኣጎልግሎት ዝዉዕል ፣ መድሓኒት ፣ ሜዲካል ሳብላይን ሪኤጀንትን ፣ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ውዕሊ ኣሲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ዝምልከተኩም መቅረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ መስከረም 30, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 13, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 13, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኬሚካልን ሪኤጀንት/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

2 ዝተሓደሰ ሕጋዉያን ፍቃድ ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቅርቡ

3 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቅርቡን፤

4 ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቅርብ፤

5 ናይ ጨረታ መከበሪ ቢድ ቦንድ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሰርተፊኬት /ስፒኦ/ ወይ ብጥረ ገንዘብ 10000.00 ከትሕዝ ዝክእል፤

6 ተጫረቲ ዘይምለስ ብር 50.00 ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይክእሉ።

7 ተጫረቲ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ነፀላን ጠቅላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ዊዝ ሆልዲንግ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኣተዊ ይገብሩ።

8 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዉቅሮ ሆስፒታል ደ/ከ/ስ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 01 እዩ።

9 እቲ ጨረታ ዕለት 13/02/2012 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

10 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቀመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይኑሎም መብርሂ (መማሓየሺ) እንተሃልዩዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ዕለት

11 ተጫረትቲ ካብቲ ዝቀረበ ሰፔስፊኬሽን ሳምፕልን ወፃኢ ምምላእ ዘይከኣል ምኻኑ ፈሊጦም ክወዳደሩ ዝክእሉ፤

12 ተጫረቲ ዘሸነፍዎ መድሓኒትን፣ ሳብላይ ሪኤጀንትን  ብናይ ባዕሎም ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ናብ ሆስፒታል ፋርማሲ ኣታዊ ጌሮም ሒሳቦም ክዉስዱ ዝክእሉ፤

13 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ  ዉዕሊ ብምእሳር 10% ናይቲ ጠቅላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።
14 ብዝ/የ መንገዲ እቲ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ተጫራቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ወይ ሆስፒታልና ካብ ጨረታ ወፃኢ ይገብር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

15 ተጫራቲ ድሕሪ ሳፁን ጨረታ ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን።

16 ተጫረቲ ኣብ ዘቅርብዎ ሰነድ ሽምን ፊርማን ማህተምን ክገብርሉ ኣለዎም።

17 ተጫረቲ ኣብ ዘቅርብዎ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ክህሉ የብሉን።

18 ተጫረቲ ኣብ ዘቅርበዎ ሰነድ ነንበይኑ ዓሺጎም ዋናን ቅዳሕን ኢሎም ክፅሕፍሉ ይግባእ።

19 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle